ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة

Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

# ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
# ራብዓይ ውድባዊ ጉባኤኡ ጀሚሩ

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ "ምድሓን ህዝብን ሃገርን ብሓድነት ሃገራውያን



ሓይልታት ኤርትራ ዝረጋገጽ ማእከላይ ዕላማ'ዩ" ኣብ ትሕቲ ብዝብል ማእከላይ ጭርሖ፣ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካናዳን ኣውስትራልያን ዝመጹ ኣባላት ዝሳተፍዎ፣ ብዕለት 22 ለካቲት 2024 ኣብ ታሪኻዊት ከተማ ካሰል-ጀርመን ብዕሊ ጀሚሩ። ዝተረፉ ኣባላት ጉባኤ ካብ ኣፍሪቃን ኤስያን እውን ብዘመናዊ መራኸቢታት ኣቢሎም ተሳቲፎም።

4ይ ጉባኤ ግሃድኤ ብብጾት ቶማስ ገብረሚካኤልን ማሕሙድ እድሪስን ብቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ብዘቕረብዎ ቃል ኣሰናዳኢ ሽማግለ ተኸፊቱ። ኣብቲ ዝተዋህበ ቃል፣ ናብ ራብዓይ ጉባኤ ንምብጻሕ ዝተገብረ ጻዕርታት ንጉባኤኛታት ሓቢሮም። ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ መሰረታት ውድብ ዝተጻወትዎ ዓቢ ተራ፡ ከምኡ'ውን ዕማማቱ ኣብ ምስልሳል መሪሕነት ውድብ ዝገበሮ ኩሉ መዳያዊ ምትሕብባር ንኢዱ።

ስዒቡ ኣቦ መንበር ማእከላይ ባይቶ ብጻይ መሓመድ ስዒድ መፍለስ ኣብ ዘስምዖ ቃል ንተሳተፍትን ዕዱማትን እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ብምባል፣ ኣሰናዳኢ ሽማግለ ናብ ጉባኤ ንምብጻሕ ንዝገበሮ ጻዕሪ ምስጋናን ኣድናቖቱን ገሊጹ። ብተወሳኺ ንኹሎም መሰረታትን መሪሕነታዊ ትካላትን፣ ኣሰናዳኢ ሽማግለ ዕማማቱ ከምቲ ዝድለ ንምስላጥ ንዝገበርዎ ምትሕብባር ኣሞጒሱ። ቀጺሉ እቲ ዕድል ንኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ዶክተር ዩሱፍ ብርሃኑ ተዋህበ። ዶር. ዩሱፍ ንኣባላት ጉባኤን ኣጋይሹን ሰውራዊ ሰላምታ ብምቕራብ፡ ንኣሰናዳኢ ሽማግለ

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة

Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

ኣብዚ ታሪኻዊ ጉባኤ ንኽንበጽሕ ዘኽኣለና ጽዑቕ ስራሓት ኣመልኪቱ ዓሚቝ ምስጋናን ሞገስን ኣቕረቡ።

ቀጺሉ ተጋዳላይ መሓመድ እስማዒል ሁመድ ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ልፍንቲ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ጉባኤ ግሃድኤ ንኽዕወትን፣ ኣብ መንጎ ኣባላት ልፍንቲ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ሓድነት ብዓወት ንምዝዛም ዝካየድ ዘሎ ሓባራዊ ጻዕርታትን ብዓወት ክድምደምን ዘለዎ ልዑል ትምኒት ገሊጹ።



ጉባኤ ንጻዕርታት ሓድነታዊ መስርሕ ዘሐይልን፣ ናህሪ ቃልስና ኣንጻር እቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘበርኽን ውጽኢት ሒዙ ክወጽእ ምኳኑ ምሉእ እምነት ከምዘለዎ ገሊጹ።

ራብዓይ ጉባኤ ግሃድኤ ንብጾት ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑን፣ መሓመድ ስዒድ መፍለስን ንኣሰናዳኢ ሽማግለ ራብዓይ ጉባኤን፣ ንውድብና ናብዚ ታሪኻዊ ጉባኤ ንምብጻሕ ንዝገብርዎ ዘይተኣደነ ጻዕርታት ምስጋናን ኣድናቖትን ህያብ ብምሃብ ገሊጹ።

ቀዳማይ ውዕሎ ራብዓይ ውድብዊ ጉባኤ፡ ንጉባኤ እተመሓድር ሰክረታርያ ብምምራጽ ተዛዚሙ።

ክፍሊ ዜና ራብዓይ ጉባኤ
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
23 ለካቲት 2024